# ብጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ዝምራሕ ልኡኽ ኤርትራ ናብ ሱዳን ከይዱ።

-------------- 0 ---------------

ብጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ዝምራሕ ልኡኽ ኤርትር፣ ኣብ መበል 12 ዓመት ጽንብል መንግስቲ ሱዳን ንምስታፍ ትማሊ ምሸት ናብ ሱዳን ከይዱ።

እቲ ጽባሕ 29 ሰነ ዝጽንበል፣ ብፕረዚደንት ዑመር ኣልበሽር ዝምራሕ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ስልጣን ዝመጸሉ መዓልቲ እዩ።

ብኻልእ ወገን፣ እቲ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፣ ኣብቲ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሓምለ ኣብ ካርቱም ክካየድ ዝተመደበ፣ ቀዳማይ ኣኼባ ሓባራዊ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ሃገራዊ ጉባኤ ሱዳንን ክሳተፍ ትጽቢት ይግበረሉ።

ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ሃገራዊ ጉባኤ ሱዳንን ዝምድና ክልቲኤን ውድባትን ሃገራትን ንምሕያል መሰረት ዝኸውን ሓባራዊ ሽማግለ ንምቛም ብ8 ሰነ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ተሰማሚዔን ምንባረን ዝፍለጥ እዩ።

---------- ኣዜኤ ----------